ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.6 ሰንበት 7 መስከረም 2025 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ዛንታ እታ ርሳስ



ገጽ 4
ጽልዋ ከሚካላት ኣብ ጥዕና...



ገጽ 5
እቲ ሻል ኣብ ገድሊ ንናጽነት



ገጽ 8
ስፖርታዊ ውድድር...



# ደቡብ - ብቐዓት ምሕደራ ርእሰ-መምህራን ንምዕባይ ስልጠና ተዋሂቡ

ጨንፈር ማሕበር መምህራን ዞባ ደቡብ፡ ብቐዓት ምሕደራ ርእሰመምህራን ንምዕባይ ዝዓለመ ስልጠና፡ ብ2ን 3ን መስከረም ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ወዲቡ።

ኣብ'ቲ ስልጠና፡ ካብ ንኡስ ዞባታት ጸሮና፡ ማይ-ዓይኒ፡ ሰገነይቲ፡ ዓዲ-ቐይሕ፡ ሰንዓፈን ደቀምሓረን ዝመጹ 40 ርእሰመምህራን ተሳቲፎም።

እዚ ስልጠና ዝመርሑ፡ ካብ ጨንፈር መጽናዕቲ፡ ስልጠናን ውጥንን ሚኒስትሪ ትምህርቲ መምህር ከሰተ ምስየስ፡ ምሕደራ ብቐንዱ ብምዝባራዊ ስራሕን ተመኩሮን ዝህብትም ሰፊሕ ዓውዲ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንዘቐስምዎ ትምህርቲ ብስራሕ ከማዕብልዎን ንብዱቶም ከተፍልዎን ተላቢዩ።





ስልጠንቲ ብወገኖም፡ እቲ ክሰርሐሉ ዝጸንሑ ሜላታት ምሕደራ ዝድርዕ ፍልጠት ከምዝቐሰሙ ብምሕባር፡ ከም ደረጃኦ ቀጻልነት ክህልዎ ተላብዮም።

ኣቦመንበር ጨንፈር ማሕበር መምህራን ዞባ ደቡብ መምህር ሳምሶም ነጋሽ ብወገኑ፡ እዚ ካብ ሽዱሽተ ንኡስ ዞባታት ንዝተዋጽኡ ርእሰመምህራን ዝወሃብ ዘሎ ስልጠና፡ ክልሰ-ሓሳባውን ግብራውን ስለዝኸነ ኣድማዒ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ብዘለዓለ ከምዝድፍኣሉ ኣብሪሁ።

# ከረን - ቅነ ውዳቤታት ቀያሕቲ ዕንባባ ተዛዚሙ

"ቅኒትና ጸብራቕ ክብርታትና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብ26 ነሓሰ ኣብ ከተማ ከረን ዝተኸፍተ ፈላሚ ቅነ ውዳቤታት ቀያሕቲ ዕንባብ ኤርትራ፡ ብ4 መስከረም ብውዕዉዕ መንፈስ ተዛዚሙ።

ኣብቲ ኣቦ መንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን፡ ኣካላት መንግስትን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ከምኡ'ውን ዕዱማት ዝተረኽብሉ ናይ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ኣቦመንበር ኣወሃሃዲት ኮሚቴ ናይ'ቲ ቅነ - መንእሰይ ሽሻይ ሓይልኣብ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ቅነ ውዳቤታት ቀያሕቲ ዕንባብ፡ ልዑል ወኒ ኩለን ዞባታት ዝተንጸባረቐሉ፡ ወህደትን ሓድሕዳዊ ምምልላእን ዝዓሰሎ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ካብ 32 ንኡስ ዞባታት



ዝተዋጽኡ 120 ተማሃሮ ከምኡ'ውን 30 ኣባላት ማርሽን ባንድን ኳየርን ሃማመተኤ ከተማ ከረን ከም ዝተሳተፍዎ ሓቢሩ።

ኣብቲ ቅነ ዝተፈላለየ መደባት ከምዝተሰላሰለ ዝሓበረ መንእሰይ ሽሻይ፡ መዛሙር፡ ያታዊ ትልሂትን ግጥምታትን ዘጠቓልል 48 ትሕዝቶታት ከምዝቐረበ ብምብራህ፡ ዞባታት ዘቐደኣ ቅድመ-ምድላወን ብመጽናዕቲ ዝተደገፈ ያታዊ ትሕዝቶታትን ብልጫ ናይቲ ቅነ ከምዝነበረ፡ ዝበዙ ሕጽረታት ተለልዮም ኣብ መጻኢ ብኣተኩሮ ከምዝሰርሓሉም ኣሕቢሩ።

መንእሰይ ሽሻይ ብዝወሰኾ፡ እቲ ቅነ ኣብ ምኹሳኣስ መንነት፡ ምህናጽ ሃገራውነት፡ ዕቤት ባህልን ምዕቃብ መበቈላዊ ያታን ልዑል ተራ ከምዝለዎ ጠቒሱ፡ ኣብ ቀጻሊ ፍልጠት-ጠቀስ መደባት ክውሰኸን ክእለት ኣባላት ቀያሕቲ ዕንባብ ዘሰስን ስልጠናታት ክስረሓሉን ብምዝኽኻር፡ እቲ መደብ ንኽዕወት ንዝጸዓሩ ኣካላት ሞጒሱ።

ኣቦ መንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ብወገኑ፡ ውዳቤ ቀያሕቲ ዕንባብ ካብ እዋን ሰውራ ኣትሒዙ ኣብ ምኹስኳስን ምዕባይን ክብርታት ዕዙዝ ተራ ከምዝነበሮ ብምዝኽኻር፡ እቲ ቅነ መቐጸልታ ናይ'ቲ ማሕበር ውዳቤታት ቀያሕቲ ዕንባብ ንምሕያል ዘካይዶ ዘሎ ጻዕርታት ከምዝኾነን ብዓወት ምቕናዑ ንቀጻሊ ኣተባባዒ ምዃኑን ኣገንዚቡ።

ኣብ መወዳእታ ንምዕዋት እቲ መደብ ኣበርክቶ ንዝነበሮም ኣካላት ናይ ምስጋና ወረቐት ምስክር ክዕደል ከሎ፡ ንኹለን ዞባታት ናይ ምስጋናን ገንዘባውን ሽልማት ተዋሂቡ።

# ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና፡ ብሉጽ ውጽኢት ዘመዝገቡ ተመሃሮ ተሸሊሞም

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቀይሕ፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 12 ክፍሊ - ማትሪክ ካብ 3 ነጥቢ ንላዕሊ ዝዘምጽኡ ተመሃሮ ኣብኣት 37 ዘርያ፡ ኣብ ትምህርታዊ ጉዕዞኦም ዕዉታት ኮይኖም ንኽቅጽሉ ዘተባብዖም ሽልማት ቀሪቡ ተዋሂቦም።

ኣብቲ ብ5 መስከረም ዝተኻየደ ናይ ምሽላም ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቀይሕ መምህር በየነ ተስፉይ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ሽልማት ቀሪቡ ህዝብን ገበርቲ ሰናይን ብዘበርክትዎ ኣበርክቶ፡ ዓመታዊ ዝወሃብ መተባብዒ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ሎሚ ዘበን ብጠቕላላ 23 ተማሃሮ ከምዝተሸለሙን እቲ ኣሃዝ ብብዓመቱ ዕብየት የመዝግብ ከምዘሎን ገሊጹ።

ርእሰ-መምህር 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዓዲ-ቀይሕ መምህር ባህልቢ ጉዑሽ፡ ተረኺቡ ዘሎ ውጽኢት ንዘስዕቡ ተመሃሮ ደራኺ ከምዝኾነ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ መጻኢ ንምዕቃቡን ምድራዑን ብዕቱብ ክስርሓሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቀይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፉዝጊ ብወገኑ፡ ትምህርቲ መሰረት ስልጡን ሕብረተሰብ ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ ሳላ ጻዕሪ ወለድን መምህራንን ንዝተሸለሙ ተማሃሮ ሞጒሱ።

ተሸለምትን ወለድን ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ መተባብዒ ኣብ ንጥፈታት ትምህርቶም ኣበርቲዖም ንኽሰርሑን ንኻልኦት ተመሃሮ ቅዱሱ ቅንኢ ከምዘፈጥርን ብምጥቃስ፡ ንሕብረተሰቦም ብዓጸፋ ንኽክሕሱ ዘለዎም ቅሩብነቶም ገሊጾም።

ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2022/23 ዝጀመረ ሽልማት ቀሪቡ፡ ዛጊት ን374 ተመሃሮ ከምዝተዋህበ ተሓቢሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ ኣብ ዞባ ማእከል - ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ባርካ፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካብ 3.6 ክሳብ ምሉእ ነጥቢ ዘመዝገቡ 35 ደቀኣንስትዮ ዘርከብኦም 72 ተመሃሮ ኣብኣት መበል 37 ዘርያ ትማሊ 6 መስከረም ሸሊሙ።

ርእሰመምህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ሰመረ ጉብረልኣብ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ መደብ ንተሸለምቲ ኣፍልጦ ብምሃብ ንኻልኦት ተመሃሮ ድማ ድርኺት ንምፍጣር ዓሊሙ ከም ዝተኻየደ ጠቒሱ፡ ካብ ተሸለምቲ እቶም 46 ምሉእ ነጥቢ ዘመዝገቡ ምዃኖም ፍሉይነት ከም ዘለዎ ኣረዲኡ።

ስሉሳዊ ርክብ ተመሃሮ፡ መምህራንን ወለድን



ኣብ ማስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ልዑል ኣበርክቶ ከም ዘለዎ ዝሓበረ ኣቦ መንበር ኮሚቴ ወለዲ ኣቶ ጺጋይ ኣስራት ብወገኑ፡ ዝተረኽበ ውጽኢት መርኣያ ናይ'ቲ ስጡም ርክብ ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጋብር ከምኡ'ውን ሓላፊ ኣሃዱ ምክትታል ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ መምህር የማነ ሰለሙን ድማ፡ ተመሃሮ ብዘመዝገብዎ ዓወት ከይተዛዙ ኣብ ዝቕጽል ጉዕዞኦም ዕዉታት ኮይኖም ክወጹ ጸዊዖም።

ወከልቲ ተሸለምቲ ብወገኖም፡ ረኺቦሞ ዘለዉ ዓወት ውጽኢት ጻዕሪ መምህራንን ወለድን ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ንምዕቃቡን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሑን ከምዝጽዕሩ ኣረጋጊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ንብሉጻት ተመሃሮ መዳልያን ወረቐት ምስክርን ተዓዲሉ።

ዜና

# ዓዲ-ቐይሕ - ኣብ ኣተሓሕዛ ክብሪ መዝገብ ዘተኩረ ስልጠና ተዋሂቡ



ስእሊ: ሚልዮን ኣፈወርቂ

ኣብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ፡ ኣፍልጦ ሰራሕተኛታት ኣብ ኣተሓሕዛ ክብሪ መዝገብን እነወጽኦ ኣሰማትን ኣገዳስነቱን ዘዕቢ ስልጠና፡ ብ3 መስከረም ተዋሂቡ።

ኣብ ዞባ ደቡብ ሓላፊ ክፍሊ ስታትስቲክስን ስርዓት ጂኦግራፊያዊ ሓበሬታን ኣቶ ፍጹም ጉብረእግዚኣብሄር፡ በዘዕባብኡ ግቡእ መዝገብ ንምሓዝ፡ ኣብ ኩለን ንኡስ ዞባታት ኣቦላት ተመዲቦም ከምዝለዉ፡ ብምሕብር፡ እንተኾነ ንዝተወልደ ቆልዓ ኣብ ክንዲ ምምዝጋብ ዕሽሽ ምባል ከም ተርእዮ ስለዘሎ ክእረም ኣተሓሳሰበ።

ካፍሲ-ወከፍ ዜጋ ናይ ክብሪ መዝገብ ምስ ዝሕዝ፡ ንዘውሃብ ወሳኒታትን ንትግባረ ዝወጽእ መደባትን ሓጋዚ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢ ምስ ህዝቢን ዘሰላስል መደባትን ብዘለዎም ቅርበት፡ ናይ ዝተወልዱ፡ ዝተመርዓዉ፡ ዝሞቱን ዝተፋትሑን ክብሪ መዝገብ ኣብ ምሓዝ ጽቑጦም ክሰርሑ ተማሕጺኖም።

ሓላፊ መዝገብ ስርዓት ሓበሬታ ዞባ ደቡብ ኣቶ ተኽለ ጉብረማስቀል ብወገኑ፡ ስም መለለዪ መንነትን መግለጺ ባህልን ክብርታትን ስለዝኾኑ፡ ሓንሳብ ምስ ወጹ ክቕየር ከምዘይግባእ ብምሕባር፡ እነወጽኦም ኣሰማት ምስ ባህሊ፡ ልምድን ክብርታትን ሕብረተሰብ ዝሳነዩ ክኾኑን ባዕዳዊ ኣሰማት ክውገድን ኣመሓደርቲ ከባቢ ክገስግሱ ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፉዝጊ፡ ኣብ ምብራቓዊ ኣጻደፍ ዝነብሩ ዜጋታት ግቡእ ናይ ክብሪ መዝገብ ንኽሕዙ ብዕቱብ ከምዝሰርሑ ብምጥቃስ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢ ካብ ቀዳምነታቶም ገይሮም ክሰርሑሉ ጸዊዑ።

## ደቡብ - ክረምታዊ ትምህርቲ መዘና ይግምገም

ብምውህሃድ ጨናፍር ሃማመተኤን ሚኒስትሪ ትምህርትን "ብጾ ዝረኸብናዮ ፍልጠት ብጾ ንዝኾ" ብዝብል መሪሕ ቴማ፡ ንዝደኸሙ ናይ መባእታ ተማሃሮ ክዋሃብ ዝጸንሐ ክረምታዊ ትምህርቲ፡ ብ3 መስከረም ኣብ ከተማ መንደፈራ ተገምጊሙ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኣቶ ግርማይ ጉብሩ ንዕላማቲ መደብ ኣመልኪቱ ኣብ ዘሎ ቃል፡ እቲ ኣብ 30 ንቑጣታት ብዓይነታት ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝ፡ ቁጽሪ ትግርኛን ሳይንሳዊ ትምህርትን ኣተኩሩ ዝተተግበረ መደብ፡ ኣቲ መንግስቲ ዝሀቦ ነጻ ኣገልግሎት ትምህርቲ ብወለንታውያን ተመሃሮ ንምድጋፍ ምዃኑ ገሊጹ፡

ኣብቲ ንኽልተ ኣዋርሕ ዝተዋህበ ትምህርቲ፡ ደገፍ ዝተገብረሎም ተማሃሮ ለውጢ ከርእዩ ከለዉ፡ ኑቶም ኣብ መስርሕ ምስትምሃር ዝተሳተፉ ተመሃሮ'ውን ፍልጠት ናይ ምትሕልላፍ ዓቕሞም ዘዕቢ ከምዝዘበረ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ህብትዝጊ ኪዳነ ብወገኑ፡ ኣብ ምስትምሃር ዝተሳተፉ ኣስታት 400 ተመሃሮ ዘርኣይዎ ተገዳስነት ብምምጋስ፡ ተማሃራይ ዘማእከል ስርዓተ-ትምህርቲ፡ ኣብ ግብሪ ንምትርጓም ፍልጠቶም ከዕብዩ ሚዲያ።

ጸሓፊት ህግደፍ ዞባ ደቡብ ወይዘሮ ኣመተ ንጉሰን ኣቦወዝር ባይቶ ዞባ ደቡብ መምህር ወልዳይ ጉብረን ብወገኖም፡ ንዝደኸሙ ተመሃሮ ንምሕጋዝ ተጀሚሩ ዘሎ መደብ፡ ናይ መጀመርያ ተመክሮ ከም ምዃኑ መጠን ጉድለታት ክህልዎ ንቡር ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ብዝሰፈሐ ክሰርሓሉ ምዃኑ ገሊጾም።

ወፍሪ ክረምታዊ ትምህርቲ ብቤት ጽሕፈት ህግደፍን ሓለቓ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻልን ዝተበገሰ መደብ ኮይኑ፡ ብምውህሃድ ሃማመተኤን ሚኒስትሪ ትምህርትን፡ ኣብ ግብሪ ዝተርጎም ዘሎ ሃገራዊ መደብ እዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፉኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

## ማእከል - ወለንታዊ ልግሲ ደም ተኻይዱ

ኣብቲ መደብ ዝተሳተፉ ኣቦላት ብወገኖም፡ ብዘትካእ ደም ዘይትትካእ ህይወት ንምድሓን ኣበርክቶ ብምግባርም ዝተሰመዖም ሩፍታ ብምግላጽ፡ ኣብ እዋን ክራማት ባንኪ ደም ንምስሳን ደም ከምዝልግሱ ገሊጾም።



ኣባላት ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ማእከል፡ ሃገራዊ ባንክ ደም ንምስሳን "ደምና ንለግስ ብሞያና ንፈውስ" ብዝብል ቴማ፡ ብ5 መስከረም፡ 56 ከረጺት ደም ለጊሶም።

ንቕሓት ኣባላት ኣብ ልግሲ ደም ስለዝበረኸ፡ ወለንታዊ ልግሲ ደም ብስሩዕ ከምዝካየዱ፡ መደባት ሃገራዊ ባንክ ደምን ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደምን ንምዕዋት ብወህደት ከምዝሰርሑ ዝሓበረ ኣባል ጉስጓስን ሓበሬታን ናይቲ ጨንፈር ኣቶ ሱሌማን ሮሞዳን፡ ካልኦት ትካላት'ውን ዝ. ቅዱስ ተግባር ክስዕብዎ ኣዘኻኺሩ።

ለገስቲ ደም፡ ኣብ ወቕቲ ክራማት ምልጋስ ደም ኣገዳሲ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ካልኦት ኣካላት ተመሳሳሊ ተበግሶታት ክወስዱ ተላብዮም።

ወለንታዊ ልግሲ ደም፡ ኣካል ዓመታዊ ንጥፈታቶም ምዃኑ ዝሓበሩ ወለንታውያን ለገስቲ ደም ኣባላት ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ብዘትካእ ደም ዘይትትካእ ህይወት ንምድሓን ብዕቱብ ክሰርሑ ተላብዮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣባላት ክፍልታት እዚ ሜካናይዝድ-74፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ ዓመታዊ ዝገብርዎ ናይ ልግሲ ደም መደብ፡ ኣብ ሰለስተ እብረ፡ ካብ 21 ነሓሰ ክሳብ 3 መስከረም፡ 147 ከረጺት ደም ለጊሶም።

ወለንታውያን ለገስቲ ደም እዚ ሜካ 74 ብዝተገብረሎም ጉስጓስ፡ ብዘይካ እቶም ቀወምቲ ዓማዊል፡ ኣስታት 30 ሓደስቲ ኣባላት ከምዝወሰኹ፡ ስታፍ ጉስጓስን ሓበሬታን ናይቲ እዚ ኣፍሊጡ።

ኣፍልጦ ኣባላት ኣብ ረብሓታት ልግሲ ደም ስለ ዝበረኸ፡ ኣብ ዓመታዊ ካላንደር ኣቲና ሓኻይም ጸዊዕና ደም ኣብ ንልግሰሉ ደረጃ በጺሕና ኣለና ዝበሉ ወከል ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ሜካናይዝድ-74 ተጋዳላይ ኢሰያስ ሚዕቆብ፡ ቀጻልነት ልግሲ ደም ንምውሓስ ክሰርሑ ምዃኖም ኣብሪሁ።

## ሃበሮ - ብቕዓት ትምህርቲ ንምሕያል ዝዓለመ ዋዕላ ተሰላሲሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሃበሮ፡ ብቕዓት መሰረታዊ ትምህርቲ ንምሕያል ዝዓለመ ዋዕላ፡ ብ3 መስከረም ኣብ ሓውሲ ከተማ ዒሬታይ ተኻዪዱ።

እቲ ዋዕላ፡ ተሳታፍነት ተመሃሮ ብሓፈሻ፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ኣብ ማእከላይን 2ይ ደረጃን ንምብራኽ ምዃኑ፡ ሓላፊ ትካላት ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ዑስማን መሓመድኣደም ገሊጹ።

ምቁራጽን ምትራፍን ተመሃሮ ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ንምውራድ፣ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ትምህርቲ ንምዕባይ ቀጻሊ ጉስጓስ ክካየድ፡ መምህር ዑስማን ብዝተወሳኺ ኣዘኻኺሩ

"ምምሕያሽ ትምህርቲ ፣ብሩህ መጻኢ ምህናጽ እዩ ዝበለ" ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል፡ መንግስቲ ትምህርቲ ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ሃገርና ብምብጻሕ፡ ሕብረተሰብ ተሳታፊ ንምግባር፡ ኣፍደገ ከምዝተኸፍተ ጠቒሱ፡ ስሉሳዊ ዝምድና ክተርር ኣገዚቡ።

ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሃበሮ ኣቶ ፍትዊ ጉብረመቀል ድማ፡ መሰረት ኩሉ ምዕባለ ትምህርቲ ብምዃኑ፣ ብቕዓት ትምህርቲ ንምሕያል ዝካየድ ንጥፈታት ቀዳምነት ክዋሃቦ ከምዝግባእ ብምግላጽ፣ ተራ ወለዲ ኣብ ትምህርቲ ክዓቢ ጸዊዑ።

ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ቅልጡፍ ምጥርናፍ ዓድታት ክካየድ፣ ስሉሳዊ ዝምድና ክተርር፣ ዕድሚኦም ንትምህርቲ ዝኣኸለ ቆልዑ ተለልዮም ብመንገዲ መውዓሊ ህጻናት ከምዝመጹ ምግባር፡ ኣብ ዓድታት ጸዑቕ ጉስጓስ ክካየድ፡ ሞያዊ ዓቕሚ መምህራን ክብ ክብል፡ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣብ ዝተመደበሉ ግዜ ክጅመር፡ ከም መፍትሒ ሓሳባት ቀሪቦም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ ዓመተ-ትምህርቲ 2024-25፡ ብሉጽ ነጥቢ ዘመዝገቡ ተማሃሮ ተሸሊሞም።

### ሎሚ ኣብ ERI TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፊያሪና |
| 09:40 | ድራማ |
| 10:25 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ (ቀጥታ) |
| 13:40 | ቀስተ ድሕኑት |
| 14:00 | ሞዚይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | ፊልም ፈንቅል |
| 18:05 | ዶክመንት |
| 18:45 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:00 | መደብ ሌላ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:35 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:10 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ቆላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | OPEN MIC |

# መዘናጊ

ማርታ'ክብሮም

## ዛንታ እታ ርሳስ



ሓደ ሰራሒ ርሳስ፡ ሰራሑ ምስ ወድአ፡ ኑቲ ርሳስ ቅድሚ ናብ ካርቶን ምዕሻጉ፡ ከምዚ ብምባል መኸሮ፡ “ዎ ርሳስ እንሆ ናብ ዓለም እትለኣኸሉ ግዜ ኣኺሉ እዩ፡፡ ስለዚ ነቶም ዝመኸርካ ሓሙሽተ ነገራት ኣብ ልቦኻ ሰምዓዮ፡፡ ኣብ ልብኻ ክይጠፍኡ ድማ ኣዘውቲርካ ዘክሮም፡፡ ሽዑ ብሓቂ ተወደዳዳሪ ዘይብልካ ምሩጽ ርሳስ ክትከውን ኢኻ፡፡”

1. ብዙሕ ዓበይቲ ነገራት ንምስራሕ እተዓደልካ ክትከውን ኢኻ፡፡ እዚ ክኸውን እንተ ኮይኑ ግና ገዛእ ርእሰኻ ኣብ ኢድ ሰብ ንምሃኳን ፍቃደኛ ክትከውን ዝኾንካ ጥራይ እዩ፡፡

2. ብጦዝሉ ብርቱዕን በሊሕን ናይ ምምሃኳን ዕድል ክህልወካ እዩ፡ እንተ ኮኻ ኩሉሳዕ ብዘቐዝዙ መጽረብ ንኽትብልሕ እተዓለኻ ምስ እትኸውን እዩ፡፡

3. ባዕልኻ ንዝፈጸምካዮም ጌጋታት ንምእራም ዕድል ክህልወካ እዩ፡ እዚ ዋጋ ከምዝኸፍልካ ኣይትረስዕ፡፡

4. ኣጸካ ዘሎ ኣገዳሲ ጠቃሚ ነገር ውሽጣዊ መንነትካ እዩ፡ ኮይኑ ግና ደጋዊ መንነትካ ከይተወገደ ውሽጣዊ መንነትካ ኣገልግሎት ኣይህብን እዩ፡፡

5. ካልእ ዝዓበየ ነገር ድማ ኣብ ጥቕሚ ኣብ ዝወዓልካዮ ቦታ፡ ኩሉ ናይ መንነትካ ኣሰር ክተቐምጥ ኣሎካ፡ ኣብ ዝኾነ ቦታ ሃሊኻ ሓደ ነገር ጥራይ ክትገብር ኣሎካ፡ ‘ምጽሓፍ’፡፡

እቲ ርሳስ ድማ እትፈጥረሉ ዕላማ ምስ ተረድአ ከምዝዩርስዖ ቃል ብምእታው ጉዕዞኡ ናብ ዓለም ቀጸለ፡፡

ካብዚ ምስ ህይወትና ብምትእስሳር ንመሃሮ ነገር እንተሃልዩ–


- እንተ ተበጊስና ብዙሕ ነገር ክንገብር ንኽእል ኢና፡፡ ብዝበዝሑ እናበርታዕና ክንክይድ ከሎና፡ ብዝተፈላለዩ ፈተናታት ብምሕላፍ ኑቲ ቃንዛ ክንለማመድ ድሌዋት ክንክውን ኣሎና፡፡

- ባዕልና ዝፈጠርናዮም ጌጋታት ንምእራም ወይ ምስኣም ንምንባር ምርጫ ክህልወና እዩ፡፡ ስለዚ ንጌጋታትና ክንእርሞም ወይ ዓበይቲ ጌጋታትና ንምግጣም ምርጫ ክህልወና እዩ፡፡

- ኣብ እንሓልፎ ኩሉ ናይ ህይወት ጎደና ኣቦና ዘሎ ግሩም ምልክት ክንገድፍ ከም ዘሎና ነስተውዕል፡፡ ኣብ ውሽጢ ዝኾነ ኣሸጋሪ ኩነታት ወላ ንሃሉ፡ ከንነበረሉ እንኽእል ሓደ ኣሰር ንግደፍ፡፡

- ከምኡ'ውን ኣብዚ ዓለም ብህይወት ኣብ እንነብረሉ ዘመን ትርጉም ዘለዎ ዕላማ ኣብ ልብና ይሃልወና፡፡

## እቲ “ኣብ ቁጽሪ ሕማቕ” ተባሂሉ ዝተናዕቀ



ኣብ 1955 ሓሚሙ ኣብ ሆስፒታል ደቀሰ፡ ሕማሙ ኣብ ሰራውር መትንታት ደሙ ስለ ዝነበረ፡ መጥባሕቲ ተገይርሉ ክሓዊ ተኽእሎ እኳ እንተ ነበረ፡ ንሱ ግን “ብሰብሰርሖ መንገዲ ዕድመይ ከናውሕ መቐረት ኣይህበኒን እዩ፡፡ ኣብዛ ዓለም ግደይ ፈጺመ ኣለኹ፣ ዝኸደሉ ግዜ ኣኺሉ እዩ፡፡ ብምዕሩግ ኣገባብ ክኣ ክፋኖ እዩ” ብምባል ደኣ ንሸሉ ሄዱ፡ ብድሕሪኡ ብዙሕ ከይጸንሐ፡ ኣብ መበል 76 ዓመቱ ካብዛ ዓለም ተፈልየ - እቲ ንዓለም ዘቐየረ ሊቅ ስነ ፍልጠት ኣልበርት ኣንስታይን፡፡

ኣንስታይን ኣብ ፈተና ቁጽሪ ንፉዕ ከም ዘይነበረ ኩሉ ግዜ ዝዝረብ እዩ፡ ንሱ፡ ዓሞቕቲ ክልሰ-ሓሳባት ኣብ ምርዳእን ዝተጠናነጉ ግድላት ኣብ ምፍታሕን ኣደናቒ ብቕዓት ነበሮ፡፡

ኣብ ግዜ ንእስነቱ ሰቕ በሃልን ሓፋርን ዝነበረ ኣንስታይን ካብ ብዙሓት መዛኑኡ ደንጕዩ እዩ ኣፉ ከፊቱ፡፡ ንሱ ናብ ቤት ትምህርቲ ምስ ከደ፡ እቲ ንሱ ክፈልጦ ዝደሊ ዝነበረ ትምህርቲ ስለ ዘይጸንሖ፡ ንሕቶታቱ ባዕሉ መልሲ ክደልየሉም ጀመረ፡፡ ምስ መጻሕፍቲ ምውዓልን ሰቦት ምሕታትን ድማ ዕሊታዊ ተግባሩ ኮነ፡፡

ሓደ መዓልቲ ኣልበርት ተማሃራይ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ዝነበረሉ፡ መምህራኑ ንወለዱ ጸዊዖም፡ ብጠዝሒ ሕቶታት ብምሕታትን ዘይእዙዝ ባህርያት ከም ዘለዎ ብምግላጾም፡ ኣካይዳ ወደም ክእርሙ መዓድምም፡፡ እተን ዓመታት ድማ ንዕኡን ንስድራ ቤቱን ተሰኻ ዘቐርጸ ነበራ፡፡ ኣብ’ቲ ግዜ ድማ ኣብ ዓውዲ ሕሳብ ሕማቕ ብምንባሩ ኣብ ገዛ ባዕሉ ንኽብስ ክምህራ ወሰኑ፡፡ እንተ ኮነ ነዊሕ ከይጸንሑ መምህራኑ ‘ዘይእሩም ባህርያት ኣለዎ’ ብዝብል ምኽንያት ካብ ቤት ትምህርቲ ሰጎጉዎ፡፡

ድሕሪዚ ምስ ስድራ ቤቱ ካብ ጀርመን ናብ ኢጣልያ ከዱ፡፡ ኣብኡ ድማ ናይ መጀመርታ ሳይንሳዊ ጽሑፍ ጸሓፈ፡፡ እንተ ኮነ፡ ብዕድመ ንእሽተይ ስለዝነበረ ጽሑፉ ሐደት ኣቓልቦ ጥራይ እዩ ረኸበ፡፡

ጽሑፉ ኣብ ከተማ ዙሪክ - ሰዊዘርላንድ፡ ዓውዲ ፊዚክስ ክጽንዕ ጀመረ፡፡ ኣብቲ ግዜ ድማ ኣብ ጉዕዞ ህዋን ኤለክትሮኒክስን ዘተኮሩ ሓሙሽተ መጽሓፍቲ ኣሕተመ፡፡

እቲ ኣብ 1921 ዝወሰዶ ሽልማት ኖበል ድማ ኣብ ዓውዲ ፊዚክስ ብኽልሰ-ሓሳብ ተዛማድነት ዝረኸቦ እዩ፡፡

እቲ ብልሂ ምንባሩ ዝገበረሉ ኣስንታይን ግና ብቐለልቲ ነገራት ይጽገም ነበረ፡፡ መብዛሕትኡ ግዜ ክወጽእ እንከሎ መፍትሕ ደርሶ፡ ቦርሳኡ ኣበይ ከም ዘቐመጦ ይስእኖ፡ መግቢ ምብላዕ ደርሶ፡ ከምኡ’ውን ኣብ ከበቡ እንታይ ይፍጸም ከም ዘሎ ኣየስተውዕልን ነበረ፡፡ ካልሲ ምምሳስ ሓደ ካብቲ ዝጸልኦ ዝነበረ ነገር ነበረ፡፡

ኣንስታይን ናብ ጀርመን ምስ ተመልሰ፡ ቀዳማይ ኩናት ዓለም ተጀመረ፡፡ እንተ ኮነ ኑቲ ኩናት ደገፉ ካብ ምሃብ ስለ ዝሓንገደ፡ መራሕቲ ጀርመን ተረበሹ፡፡ ብተግባሩ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክኣጎን ይኽእል እኳ እንተ ነበረ፡ ክሳብ መውዳእታ ኣብ መርገጹ ደው በለ፡፡ ኩናት ምስ ተዛዘመ ከኣ ኣዝዩ ተሓጎሰ፡፡ እንተ ኮነ፡ ኣንስታይን መበቆሉ ኣይሁዳዊ ብምንባሩ ህይወቱ ኣብ ሓደጋ ኣተወ፡፡ ኣብቲ ግዜ፡ ኣይሁዳውያን ደቂናቶም ክሕደጉን መጻሕፍቶም ክቃጸልን ምስ ጀመረ፡ ብዙሓት ካብ ጀርመን ክወጽኡ ተገዲዶም ነበሩ፡፡ እቲ ኣንጻር ናዚ ዝዛረብ ዝነበረ ኣንስታይን ዋላ’ኳ ህይወቱ ኣብ ሓደጋ እንተ ወደቐ፡ ካብታ ሃገር ምውጻእ ኣበየ፡፡ መራሒ ናዚ ዝነበረ ኣዶልፍ ሂትለር ድማ ኣንስታይን ሰላይ ከምዝኾነ ስለ ዝተዛረበ፡ ኣንስታይን ናብ ኣመሪካ ከደ፡፡

ኣብ 1952 ኣልበርት ኣንስታይን ካልኣይ ፕረዚደንት እስራኤል ክኸውን ዕድመ ቀረበሉ፡፡ ኣንስታይን ግና ንዝቐረበሉ ጸውዒት ድሕሪ ምምስጋኑ “ኣነ ስልጣን ክሕዝን ምስ ሰባት ብውግዓዊ መንገዲ ክራኸበን ብቕዓት የብለይን” ብምባል ኣበዮ፡፡

## ጎድናዊ ሳዕቤን ሕብርታት ጸጉሪ

ኣብ መብዛሕትኡ ሕብረተሰብ፡ ጸጉሪ ርእሲ ብፍላይ ንጓል ኣንስተይቲ መለከዒ ጽባቐ እዩ፡፡ ምስ ምዕባለ ድማ፡ ዘመናዊ ኢንዱስትሪ ጽባቐ፡ ወዘን መንውሕን ጸጉሪ ዘላሲ መወዓውዒታት ዓብላሊ ኮይኑ ንረኽቦ፡፡ ሕብሪ ጸጉሪ ከኣ ሓደ ካብቶም ንዕዳጋታት ኮስመቲክስ ዓብሊሉ ዘሎ እዩ፡፡

ሰብ ሞያ ጥዕና፡ እቶም ብዝተፈላለየ ኮሚካላት ዝሰርሑ ሕብርታት ጸጉሪ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገማት ከም ዘለዎም የጠንቅቑ፡፡ ከም ነድሪ ሰብነት፡ ምቅጻልን ምቁርራጽን ጸጉሪ፡ ምኽርዳድ ጸጉሪ፡ ሕበጥ ዓይንን ከንፈርን፡ ቀጭ ቀጭ ዝብል ስምዒት ኣብ ኢድን እግርን፡ ምቕያሕ ቆርበት ወይ ዕንፍሩር፡ ተምሳሉ፡ ዕግርግር ምግልን ዕውለትን ቀንዲ ሳዕቤናት ቀለም ጸጉሪ እዮም፡፡ ብዘይካ’ዚ ‘ንጥዕናን ንውሓትን ጸጉሪ’ ሃሳዩ ምኻኑ እዮም ሰብ ሞያ ጥዕና ዝገልጹ፡፡

ብዘይካ’ዚ ዝኾኑ ዓይነት ሕብሪ ካብ ሓደ ክሳብ 30 ሚእታዊት ንቅብኣት ጸጉርና ከም ዘጉድሎ እዩ ዝፍለጥ፡፡

ቀለማት ጸጉሪ ከም ብዓል ሜርኩሪ ሳይናይድ፡ ሊድ ዝኣመሰሉ ባእታታት ስለ ዘለዎም ንሕማም መንሽሮ ከቃልዑ ዘሎ ተኽእሎ’ውን ልዑል እዩ፡፡ ነዚ መሰረት ዝገበሩ መጽናዕትታት፡ ኣብዞም ቀለማት ዝርከቡ ኮሚካላት መንሽሮ ደም (ሉኪሚያ)፡ መንሽሮ ፍሕኛ፡ መንሽሮ ጡብን ካልኦት ዓይነታት መንሽሮን ናይ ምስዓብ ተኽእሎ ከም ዘለዎም እዮም ክኢላታት ጥዕና ዝገልጹ፡፡

ስለዚ ኣብ ክንዲ ተቐዳዲምና ዝኾነ ሕብሪ ኣብ ጸጉርና ምግባር፡ ኣብቲ ቀለም ዘሎ ትሕዝቶ ኮሚካላትን ጎድናዊ ሳዕቤናቶምን ክነጽንዕ ይግባእ፡፡




### ሶዶኩ

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | | 2 | | | 7 |
| | 9 | 8 | | | | 5 | 4 | |
| 7 | | | 9 | 5 | | | | |
| | | | | | | 7 | | 8 |
| 2 | 7 | | | 8 | | | | |
| | | 9 | | 1 | | | 3 | 4 |
| | | | | 4 | | | | |
| 4 | 1 | | | | | | 6 | 3 |
| | | | 6 | | 1 | | | |

ኣዳላዊ፡ ሰሎሙን ተኽለማርያም (ራጁ)

## ንፍሽኽታ

ሓደ መንእሰይ ኒታ ኣብ ነፋሪት ኣብ ጥቓኡ ኮይና መጽሓፍ እናኣንበበት ትገዓዝ ዝነበረት መንእሰይ ብዕላሉ ማሲጡ ክሰልያ ብምሕሳብ፡ ክዛረባ ከምዝደሊ ነገራ፡፡ ወያ ጓል ብህድኣት መጽሓፋ ብምዕጻው፡ ብዛዕባ እንታይ ኣርእስቲ ክዕልላ ከምዝደሊ ሓተተቶ፡፡ ብዛዕባ ኑክሌራዊ ቦምባ ክዕልላ ከምዝደሊ ነገራ፡፡ ጓል ነቲ ምስ ብምባል፡ “ሕራይ ጸቡቕ ግና ቅድሚ ምጅማርካ ሓንቲ ሕቶ ክሓተካ” በለቶ፡፡ እቲ ብኽለንትናኡ ክምስጦ ተዓልዩ ዝነበረ ወዲ፡ ንሕቶኣ ክምልስ ኣዝዩ ተሃንጢዩ ነበረ፡፡ “ፈረስ፡ ዓጋዜንን ላምን ሳዕሪ እዮም ዝምገቡ፣ እንተኾነ ናይ ሰሰትኦም ቀልቀል ዝተፈላለየ እዩ፡፡ እዚ ስለምንታይ እዩ ኢልካ ትሓስብ በሎዩ” ዘይተጸበዮ ሕቶ ዝገጠሞ ወዲ ብዛዕብኡ ዝኾነ ኣፍልጦ ከምዘይብሉ ነገራ፡፡ ጓል ነቲ ምስ ብምባል፡ ብዛዕባ ቀልቀል እንስሳታት ዘይትፈልጥ፡ ብዛዕባ ቦምባ ክትዛረብ ብቑዓት የብልካን ብምባል፡ መጽሓፋ ፕንጺላ ምንባብ ቀጸለት፡፡



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## እቲ ኻልእ ገድሊ ንናጽነት

ራብዓይ ክፋል

ስነ ጥበበኛ ወዲ ፈራዳይ፡ "ዜማና ቀዳሙ ይብል በረኸት መንግስተኣብ፡ እዚ ማለቱ ቅድሚ ብረት ምሕንጋጥናን ተኸሲ ምፍላምናን'ዩ እቲ ንናጽነት ዘውቅል ዜማ ዝተዘየመ። እቲ ቅድሚ ብረታዊ ቓልሲ ዝድረፍ ዝነበረ ደርፍታትና ድማ መልእኽቲ ነይሩዎ። 'ኣስመራት ሓፍተየ፡ ተኸሊ ወይኒ ምስለየ፡ ኣነ ብኣኺ መሰለ ጸለሉየ፡ ምብላዕ ምስታይ ስኢነ ኣብ ዝኸደኩዎ ሃገር ሰደድለይ መልሰየ፡' ወዘተ ዝብል ደርፍታት ኣለዉ። እዚ ዝድረፈሉ ዝነበረ እዋን ድማ ኣብቲ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ዝካየደሉ ዝነበረ 40ታት ዝድረፍ ዝነበረ'ዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ከምቲ ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ እንክዘርዮ ኣቦና ሓርበኛ ወልደኣብ ወልደማርያም ንሸውዓተ እዋናት ብጥይት ኣብ ዝተሰላተሉን ሰባት ክቐትሉን ናብ ስደት ክምርሑን ኣብ ዝጀመሩሉን እዋን'ዩ ዝድረፍ ዝነበረ" ክብል ብዛዕባ'ቲ ሰውራዊ ደርፍታት ዝወለዶ ሃገራዊ ደርፍታት ይጠቅስ።

ምእንቲ'ዚ፡ እዚ መባእታ ናይቲ ንሃገራዊ ቃልሲ ዝካየድ ዝነበረ ደርፍታት፡ ደሓር ሰውራ ምስ ተመስረተ ኮነ ኣብ 40ታት ብፍንው መንገዲ ዝድረፍ ዝነበረ ደርፍታት ብስሩዕ ኣገባብ ክቕጽል ከኣለ። ኣብ ጀብሃን ሻዕብያን ብብመዳዩ ብውልቂ ይኹን ብጉጅለታት ባህሊ እቲ ንናጽነት ዝምልከት ደርፍታት ዳርጋ ብኹሉ ኤርትራዊ ቋንቋታት ይድረፍ ነይሩ። እዚ ድማ ተጋደልቲ ምስቲ ዝቐስምዎ ዝነበሩ ፖለቲካዊ ትምህርትን ዝሳተፉሉ ዝነበሩ ወተሃደራዊ ግጥማትን ዝሃቦ ምስኡ ዝኸይድን ዜማታት ብብመድረኹ ይዝየም ነበረ።

ሓቂ'ዩ እዚ ደርፍታት'ዚ ድማ ኣካል ናይቲ ብረታዊ ቃልሲ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ምኽንያቱ ነዚ ሰውራዊ ደርፍታት'ዚ ሰሚዖም ናብቲ ብረታዊ ቓልሲ ብቐጥታ ዝሳተፉ መንእሰያት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናበዝሑን እናሰሰኑን ይኸዱ ነይሮም። ንኣብነት ካብቲ ኣብ ዘመነ ገድሊ ዝድረፍ ዝነበረ ቀሊል ኣብነት "ተጋዳላይ ክዋጋእ ከሎ'የ፡ ኣብ መንከል ክሰዋእ ከሎ'የ፡ ሓይሊ ሓፋሽ ተዓጢቑካ ኣሰላሲሎ'የ" ይብል። በዚ ድማ ሰውራዊ ደርፍታትና ገተሮሰ፡ ኢጋዲሉ፡ ኣዋጊኡ፡ ኣብ መጠረሽታ ድማ ኣዕዊቱ። ንኣብነት ስውእ ገረዝግሄር ዓንደማርያም (ውጩ) ኣብ ሓደ ኢጋጣሚ ካብ ዝበሎ፡ **"'ካብ 30 ወይ 40 መጽሓፍቲ ፖለቲካ ምንባብ ሓንቲ ጉጅለ ባህሊ ትበልጽ' ኢሉ** ነይሩ" ክብል ወዲ ፈራዳይ ይወስኽ።

ሰውራዊ ደርፍታትና ነቲ እኹልዶ ዝበርና ብረታዊ ቓልሲ ዚያዳ ሓሸዋ ይኸዉ ነይሩ። ሓሸዋ ከምቲ እንፈልጦ ንሓንቲ በምባ ወይ ጥዩት ብሓይሊ ተወንጪፋ ዕላማኣ ክትወቕዕ ዝሕግዛ'ዩ። ደርፍታት ሰውራ ድማ ሓሸዋ ናይቲ ቃልሲ ነይሩ እንተ ተባህለ ምግናን ኣይኮነን። እቲ ፍሉይነት ናይቲ ጉጅለታት ባህሊ ድማ ከምቲ ኣብ ካልእ ዘሎ ጉጅለታት ባህሊ ካብ ግንባር ውግእ ርሒቑካ ኣብ ደጀን ጥራይ ኴንካ ዝሰርሑ ዘይኮኑ፡ እተን ጉጅለታት ባህሊ ንጽእሽን ኣብ ቅድመ ግንባር ኩይነን'የን ሓሸዋ ዝህባን ሓሸዋ ዝኾናን ዝነበራ። እዚ ዝርእዩና ድማ ብዙሓት ኣባላት ናይተን ጉጅለታት ባህሊ ብብእዋኑ ምስ ጸላኢ ኣብ ዝገበር ዝነበረ ግጥማት ዝተሰውኡ ወይ ዝሰንከሉ ውሑዳት ኣይኮኑን። እዘን ጉጅለታት ባህሊ እዚኣን ሎሚ ኣብ ደጀን ኩይነን ይለማመዳ። ንጽባሒቱ ኣብቲ ሃልሃል ዝብል ግንባር ዓሲለን ብቐጥታ ይዋጋኣን ከም ኩሉ ተጋዳላይ፡ ክቡር ዋጋ ይኸፍላ። ነቲ ኽቡር ዋጋ ዝተኸፍለሉ ፍጻመታት ከኣ ይግጥማሉን ይድርፋሉን ነይረን።

በዚ ድማ እቲ ፍጻመታት ነቲ ሰውራዊ ደርፍታት ይወልድ። ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ጽሑፋት **"ወጮ እንተ ገምጠልካዮ ወጮ"** ዝብል ዓንቀጽ እንተለ፡ ንጽባሒቱ እቶም ደረፍቲ ብዛዕባ እዚ ዓንቀጽ'ዚ ገጢሞም፡ ዜማ ኣውጺኦም ኣብ መድረኽ ይድረፍ ነይሩ።

ኣብ እዋን ምዝላቕ ምኽትል ዋና ጸሓፊ ህ.ግ. ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝተዛረቦ ነይሩ። ሽዑ ህ.ግ. ካብቲ ሓራ ከተማታትን ገጠራትን ናብ ሳሕል ምስ ኣዝለቐ ከምዚ ክብል ተዛሪቡ ነይሩ፦

**'ኣብቲ ወተሃደራዊ ግጥማት ዝግበረሉ ግዜ እቲ ሓደ ክደፍእ እቲ ኻልእ ክድፋእ ይኽእል ይኸውን፡ ኣብ መወዳእታ ግን ሓጺር ናይ ምርብራብ ግዜ ምስ ሓለፈ፡ እቲ ከሳራ ናብ ረብሓ ሰውራ ኤርትራ ከም ዝቕየር ኣየጠራጥርን፡'**

እዚ፡ ኣብ ሓምለ 1978 ኣብ ፍሉይ ሕታም መጽሔት መሪሕ ምስ ወጸ ሽዑ እዋን እቲ ተሃንዲዱ ዝመጽአ ወራሪ ሰራዊት ደርግ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ናቕፋን ዓሪዱ ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ ካብ ሳልሳይ ክሳብ ሓምሻይ ወራራት ፈንዩ። ኣብ እቲ መድረኽ'ቲ ድማ ኣብ መንጎ'ቲ ወራሪ ሰራዊትን ተጋደልትን ሓጺር ናይ ምርብራብ ግዜ ምስ ተኻየደን እቲ ተኸታታሊ ወራራት ዘፍ ምስ በለን ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ልዕሊ'ቲ ወራሪ ሰራዊት መጥቃዕቲ ፈንዩ። ካብ ዕለት 2-16 ታሕሳስ 1979 ናይ 15 መዓልታት ኣብ ግንባር ናቕፋ፣ 5 ጥሪ 1980 ድማ ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ብዝተኻየደ ውግእ ህዝባዊ ሰራዊት ንጸላኢ ካብ ኣፍደገ ናቕፋ ጸራሪጉ ክሳብ ዓሸርም ከበበ ኣፍዓበት በጺሑ፡ ብምብራቕ ካብ ኈቦ መደዃሮ ክሳብ መፍገር ገለብ፡ ብምዕራብ ከኣ ክሳብ ከበቢ ኣይዳብ ተዘርጊሑ ዓረደ።

ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ክሳብ ኣውገት ከም ዝበጽሕ ተገብረ። በዚ ተበግሶ'ዚ ከኣ ህሲ ኣብ ዝመረጾ ቦታን ግዜን ከጥቅዕ ዓቕሚ ከም ዘለዎ ኣረጋገጸ። እዚ መጥቃዕታት'ዚ፡ ድሕሪ ምዝላቕ እቲ ዝዓበየ ናይ ፊልማ ተበግሶ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ጸላኢ ነይሩ። ሽዑ ኣብ ግንባር ናቕፋ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ሰፍ ዘይብል ክሳራ ወሪዱ። ልዕሊ 100 መካይንን ታንክታትን ድሩዓት መካይንን ክስሉብ ከሎ፡ ካብኡ ዝዚይድ ዓንዩ። ብዙሓት ወተሃደራት ደርግ ድማ ተማሪኾም።

ድሕሪ'ዚ ድማ'ዩ እተን ኣብ ግንባራት ዝነበራ ጉጅለታት ባህሊ ብርጌዳት ብብወገን ነቲ ህሉው መድረኽ ዝገልጽ ዜማታት ከውጽኣ ዝተቐዳደማ። ኣብ መንጎ እተን ጉጅለታት ባህሊ ቅዱስ ቅንኢ ዝዓብለሎ ወድድራት ብዝማስል ሰውራዊ ባህሊ ክሰንብብ ጀመረ።

እምብኣር ኣብ ከምዚ እዋን'ዩ እተን ጉጅለታት ባህሊ ብርጌዳት፡ ምስቲ ናይ ሽዑ መድረኽ ዝኸይድ ዝተፈላለየ ደርፍታት ክደርሳን ክደርፋን ዝኸኣላ፡ ነቲ ኣብ ግንባር ናቕፋ ኣብ ታሕሳስ 1979 ዝተወስደ ተበግሶ ድማ ብዙሕ ተደሪፈሉ።

ኣባል ጉጅለ ባህሊ ብርጌድ 51 ኣልጋሽ ብርሃ ነቲ ኣቐዲሙ ምኽትል ዋና ጸሓፊ ህ.ግ. ዝበሎን ኣብ ፍሉይ ሕታም መሪሕ ሓምለ 1978 ዝወጸ ጽሑፍን ምርኩስ ብምግባር፦

**"ምዝላቕ ወዲእና ምጥቃዕ ጸዕዳ ሰራዊት ንምጥፋእ ተረባሪብና ብሓቂ ፍሉይ ሕታምና ኣዘክር"** ክትብል ከሎ፡ ኣባል ጉጅለ ባህሊ 58 ተስፋይ መሓሪ (ፍሓራ) ድማ "ሕጂኸ ናበይ?" ክብል ደረፈ። በዚ ድማ ደርፍታትና ኣብ እዋን ገድሊ መርኣያ ናይቲ ካልእ ገድሊ ንናጽነት ከም ዝነበረ ይምስክር።

ይቕጽል...



ጉጅለ ባህሊ ብርጌድ 51 ኣብ 80ታት

## ሳሕልን ቁርስታት ገድልን

ኤርትራ ዓዲ ጥንታውን ዘመናውን ቅርስታት'ያ። እቲ ጥንታዊ ዝበሃል ቅርስታት ወይ ኣሰራት ነቲ ኣብ ብዓል ኣዱሊስ፡ ቆሓይቶ፡ መጠራ፡ ከስከሰን ካልኦን ዘሎ ህንጻታት፡ ዝተጻርበ ኣእማን፡ ኣብ ብዓትታት ዘሎ ዝተፈላለየ ስእልታትን ጽሑፋትን ክጥቀስ ይከኣል። እዚ ድማ ሓደ ካብቲ እንኾርዓሉ ጥንታዊ ታሪኽ ከም ዘለዋ ዝምስክር'ዩ።

እቲ ካልእ ኣውራ ድማ ኣብዚ ንእሽቶ ዓምዲ እንምልከቶ ካልኣይን ሓድሽን ቅርስታት እቲ ኣብ ዘመነ ገድሊ ወይ ሰውራ ኣውራ ድማ ኣብ ሳሕል ዘሎ ብተጋደልቲ ዝተሰርሐ ወይ ዝተሃንጸ ኣሰራት ገድሊ'ዩ። እዚ ኣሰራት'ዚ ጽርግያታት፡ ኣባይቲ፡ ድፋዓት፡ ጋራጃት፡ ኣብ ኣእማን ዝተወቐረ ጽሑፋትን ካልእን ኣብ ፈቐዶ ሰንጭሮታትን ጎቦታትን ኣሎ። እዚ መንነት ገድልናን ታሪኽ ሰውራናን ካብ ዘዘንቱ ሓደ'ዩ። ስለ ዝኾነ፡ እዚ ኣሰራት'ዚ ወትሩ ክዕቀብን ክብጻሕን ካብ ዝግባእ ሓደ ካብ ሕላገት ወይ ምልክት ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራን ሰውራኡን'ዩ።

ይዝከረኒ ኣብ ሕዳር 1981 ካብ ክፍሊ ታዕሊም ናብ ወተ/ሃንደሳ መጀኢታዊ ትምህርቲ ሃንደሳ ክንቀስም ናብ ዓምበርበብ ኣብ ዝነበረ ማእከላይ ቦታ ሃንደሳ ምስ ከድና፡ እቶም ሽዑ መምህራንና ዝነበሩ ስውእ መሓመድሰዒድ ሳልሕ (ሰናገር)ን ኤፍሬም መለሰን ነይሮም። ሽዑ ኤፍሬም ምስቲ ዝነበረ ምድላው ንሻድሻይ ወራር፡ ሱዳን ዶብ ዓጽያ ስለ ዝነበረት ከኒታት መተኣብሮ ተጋዳላይ ምሐር ሕማቕ ነይሩ። ደርግ ሓንሳብን ንሓዋሩን ሰውራ ኤርትራ ከጥፍእ ናይ እተዉ ዝብል ወረቓቕቲ ብነፈርቲ ዝበትነሉን ማዕከናት ዜና ኢትዮጵያ ቀጻሊ 'ጠፊእኩም' ዝብል ጉራ ዝፍንወሉን ዝነበረ እዋን'ዩ።

ሽዑ ወዲ መለሰ፡ ብዛዕባ ታሪኽን ጽንዓትን ውድብ ህ.ግ. ክገልጸልና ከሎ፡ ህ.ግ. ክጠፍእ ኣይክእልን'ዩ። ንግዜኡ እንተ ተዳኸመ'ውን ዘይሃስስ ኣሰራት ወይ ቅርስታት ሂጉ ስለ ዘሎ፡ እዚ ሰማይ ጠቀስ ጎቦታት ሰናጢቑ ዝሓልፍ መስተንክራዊ ጽርግያታትን እቲ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ተሃኒጹ ዘሎ ዕርድታትን ንወለዶ ዝነብር ህያው ምስክር ገድሊ ኤርትራ'ዩ" ክብል ብዛዕባ ኣገዳስነት ናይቲ ብተጋደልቲ ዝተሃንጸ ቅርስታት ገሊጹልና።

ሓቂ'ዩ ህዝባዊ ሓይልታት ገና ኣብ እግሪ ተኸሉ እንከለዉ፡ ንድሕሪኡ ክብል ካብ ደንካልያን ከበሳታትን ካብቲ ብጸላኢን ጀብሃን ዘጋጥሞ ዝነበረ ተጻብኦታት ክድሕንን ህላወኡ ድማ ዚያዳ ከረጋግጸሉ ዝኽእልን ሳሕል ምኻኑ ኣይሰሓተዮን። የግዳስ ኣብ ሳሕል'ውን ቅሳነት ኣይረኸበን። እቲ ኣንጻሩ ዝተለዓለ ሃድንን ተጻብኦን ጸላእቲ ኣየዕረፈን። እቶም ሃደንቲ ከጥፍኡዎ፡ ንሱ ድማ እምቢ ኣይጠፍእን'የ እናበለ ንህላወኡ ዝቃለሰሉ ዝነበረ መጀመርታ ሰብዓታት፡ ኣብ ገርግር ሱዳን ዘጋጠሞ ውግእ ሕድሕድ፡ ድሕሪኡ ድማ ኣብ ተብሒ ከባቢ ግልዕ ዝሰዓቦ ናይ ኢትዮጵያ ተጻብኦ መኪቱ ምእንቲ ህላወኡ ናብ ሰበኽሶም ተቐዪሩሉ ዝነበረ እዋን'ዩ። ኣብ ወርሒ መጋቢት 1973 ብዓኮታ ነፈርትን ፒ.28 ሄሊኮፕተራትን ተሰንዩ ዝወፈረ ኣስታት 2 ሻምበል ሓይሊ ጸላኢ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ግልዕ ዝነበረ ህዝባዊ ሓይልታት ኩናት ኣካየደ። ሰራዊት ጸላኢ ድማ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ታሪኽ ህ.ሓ. ሓደ ምሩኽ ገዲፉ ንድሕሪት ተመለሰ።

ኣብ 1973 ኣብ ተብሒ ክልቲኦም ወገናት ህዝባዊ ግንባር ገና ከይሰመሩ ከለዉ፡ ኣብቲ እቲ ብ "ሰልፊ ናጽነት" ዝፍለጥ ካልኣይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ዓስኪሩሉ ዝነበረ ከባቢ ግልዕን ገርግር ኣስመራን ኣብ ኣኻውሒ ዝተወቐረ ጽሑፋት ኣሎ። ነዚን ካልእን ብሞባይል ስኢሉ ዝሰደደልና ኣብቲ ከባቢ ዝምህር ዘሎ መምህር መሓመድኑር ሳልሕ (ሓሜራይ) እዩ። ብስም ኩሉም ኣንበብቲ ነመስግኖ። ካልኦት ግዱሳት ድማ ከምዚ ናይ መምህር፡ ገና ክንረኽቦ ዘይከኣልና ንታሪኽ ሰውራና ዝገልጽ ቅርስታት ክሰዱልና ንላቦ።



ብዕለት 10-3-1973 ብኢድ ጀጋኑ ሓርበኛታት ሰልፊ ናጽነት ኤርትራ ህዝባዊ ሓይልታት ዝተሰርሐ

ኣብ 80ታት ወድብ ህ.ግ. ካብዚ ኩሉ ተጻብኦታት ምስ ሰገረን ህላወኡ ኣረጋጊጹ ምስ ማዕበለን'ውን፡ ኣብ ዝጠነ'ቲ ሰማይ-ጠቀስ ጎቦታት ሳሕል ኣደናቒን መስተንክራዊን ጽርግያታት ዝሰርሓሉ እዋን'ዩ። ካብዚ ኩሉ ዝተሰርሐ ጽርግያታት ግን፡ እቲ ኣብ መንጎ ዓምበርበብን ሓለብትን ዘሎ 37 መጠዋወዮ (ኣንጎሎታት) ዘለዎ ጽርግያ ብደሆ ብቕዓሚይ ደረጃ ዝሰርሖ'ዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ኣብቲ ክሳድ ናይቲ ጽርግያ'ቲ ንዝለዎ፡ እቲ ጽርግያ ዝተሰርሓሉ ታሪኽን ምስሊ ናይቶም ሰራሕቱን ዝገልጽ ሓወልቲ፡ ክሳብ ሎሚ ናብቲ ቦታ ዝበጽሑ ሰባት ይምዝምዙዎን ይስእሉዎን ኣለዉ።

ስለዚ ታሪኽ ከይርሳዕን ከይሃስስን፡ ብጽሑፍ ወይ ብቕርጻን ቅብኣን ዝተሰነየ ኣሰራት ክድገፍ ኣለዎ። እዚ ኣብ ሩባታትን ጎቦታትን ሳሕል ዘሎ ዘይሃስስ ቅርስታት ገድልና'ዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

ASMARA MINING SHARE COMPANY

Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**Heavy Equipment Mine Trainer**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- Assist the Senior Heavy Equipment Mine Trainer to establish a competency-based training system to facilitate the safe and productive use of machines to sustain operations at Asmara Mining Share Company.
- Provide training and assessment to ensure safe and efficient operations of their machinery in the workplace.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

**General Responsibilities**

- Work with the Senior Mine Trainer to establish training plans by machine and module for the mine
- Ensure all mining crew are trained and authorized to operate mining equipment
- Contribute towards identifying the training needs for the mining workforce
- Monitor and evaluate the performance of the Mine operators
- Training of Mining SOP's to Mining Staff
- Assess operators through various stages of competence for competency progression
- Assess and evaluate in support of operator recruitment
- Assist with the approved company mobile equipment licensing/permitting system
- Travel to and assist other AMSC sites if required
- Comply with all Occupational Health and Safety requirements as well as those required under relevant Eritrea legislation
- Accept personal responsibility for the health and safety of every employee and training participant under or assigned to his/her supervision
- The duties and responsibilities listed above are representative of the nature and level of work assigned and are not necessarily all-inclusive.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Competency certificates for HE equipment<br>• Training qualification in Workplace Trainer/Assessor |
| Working Experience – Nature & Length | • 5 years' experience in large open-pit and underground mining with at least 2 years in Mine Training.<br>• Sound knowledge of technical and operational aspects of open cut and underground mining<br>• Experience in operation of heavy mining equipment<br>• Ability to lead and co-ordinate a multi-disciplinary team<br>• Simulator training is desirable |
| Technical Skills | • Understand Machine capabilities and deliverables<br>• Valid Driver's License<br>• Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel)<br>• Plan, organize & execution skills |
| Behavioral Skills | • Communication (English and Tigrinya)<br>• Commitment to deliver on agreed targets<br>• Results oriented<br>• Demonstrated team building and mentoring skills |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered a3s potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሪፓርታዥ

# ቅነ ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ቅነ ምርግጋጽ ክብርታት

ቤትኤል ሰለሙን

ብ26 ነሓሰ ዝተኸፍተ፡ ንፈለማ ግዜ ብደረጃ ሃገር ኣብ ከተማ ከረን ዝቃናዕ ዝጸንሐ ቅነ ውዳበታት ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ብ4 መስከረም ናይ ሽዱሽተኣን ዞባታት ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ ብዘቕረብኦ መሳጢ ሕብራዊ መዛሙር፡ ግጥምታትን ካልእ ስነጥበባዊ ምርኢታትን ብዉዕዉዕ መንፈስ ተዛዚሙ። እዚ ብዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነ ቅነ፡ ኣብ ምህናጽን ምኹስኳስ ሃገራዊ ክብርታት ዕዙዝ ኣበርክቶ ከም ዘሎዎ ኣካየድቲ ናይ'ቲ መደብ ይገልጹ። ንኣወዳድባን ዕላማን እዚ ቅነ ኣመልኪትና፡ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤ ሓላፊ ኣሃዱ ባህሊ፡ ኣብዚ ቅነ ኸኣ ኣቦ መንበር ኣዋሃህዲት ኮሚተ ቅነ ውዳበታት ቀያሕቲ ዕምባባ ኮይኑ ንዝዓዩ ዘሎ መንእሰይ ሸሻይ ሓይልኣብ ኣዘራሪብናዮ ኣለና፥

*ፈለማ ኣዚና ነመስግን፣ ንሓፈሻዊ ድሕረ ባይታን*



መንእሰይ ሸሻይ ሓይልኣብ

*ንጥፈታትን ቀያሕቲ ዕምባባ ክትገልጸልና፧*

ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ ካብ ቀንዲ መሰረት ውዳበታት ማሕበር እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ከኣ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ከካይድ ጸኒሑ እዩ። ከም መርኣያኡ ከኣ ኣብ ኵለን ዞባታትን ንኡሳን ዞባታትን ሰፊሑ፡ ጸላዊ ዝኾነ መደባት ብምቕራብ፡ ሃገራዊ ክብርታት ኣብ ምኹስኳስ፡ መንነት ኣብ ምህናጽ ዝሕግዝ መደባት ኣብ ምክያድ ጸኒሑ ኣሎ። እዚ ውዳበ'ዚ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ኣብ ዝመጽኣሉ፡ ከምዚ ዓይነት ቅነ ብምውዳብ ሓድሕዶም ተመኩሮ ዝለዋወጥሉ፡ ምስ ጸጋታት ኵለን ብሄራት ኤርትራ ዝላለይሉ፡ ሃገራውነቶም ዝድርዕ መደባት ምውዳብ ኣገዳሲ ስለዝኾነ እዩ እዚ መደብ ክካየድ ተወሲኑ።

*ንኣወዳድባኡ ዝምልከትከ፧*

እዚ መደብ ክካየድ ምስ ተወጠነ፡ ኣዋሃሃዲት ኮሚተ ኣብ ማእከላይ ቦታ ብምቛም ናብ ተግባራውነት ንምስግጋር ክሰርሕ ጀሚሩ። ኵለን ዞባታት ክዳለዋሉ ኣብ ዘለወን ኣተኩሮ ዝገበረ መምርሒ ተዘርጊሑ ከም ዝበጽሓን ተገይሩ። ብተዋህበን መምርሒ መሰረት ከኣ ኣዝዩ ሓያል ምድላዋት ኣካይደን እየን ናብዚ ቅነ ቀሪበን። ነፍሲወከፍ ዞባ ክልተ ድጋም ሰውራዊ መዛሙር፡ ክልተ ሓደስቲ ብውሽጣዊ ዓቕማ ዝፈረያ መዛሙር፡ ክልተ ያታዊ ትልሂት፡ ከምኡ'ውን ግጥሚ ሒዘን እየ ቀሪበን። ብፍሉይ ከኣ ኣብ ኵለን ብሄራትና ናይ ዘሎ ናይ ቁልዑ ጸወታ ኣብዚ ቅነ ክቐርብ ብምኽኣሉ ፍሉይነት ኣሎዎ።

*እዚ ቅነ ብዘይካ'ቲ ንውድድር ዝቐርብ ትሕዝቶ፡ ካልእ ብዙሕ ንጥፈታት እውን ኣጠቓሊሉ ኣሎ፣ ቀንዲ ዕላማ'ዚ ቅነ እንታይ'ዩ፧*

ተመኩሮኦም ብምልውዋጥ ሃገራዊ ክብርታት ዝሃንጽሉ፡ ሓድሕዳዊ ፍቕሪ ዝለዋወጥሉ መደረኽ፡ ኣብ መንነ እቶም ኣባላት ንምፍጣር እዩ። እቲ ናይዚ ቅነ ዝዓበየ ዕላማ፡ ናይ ኵለን ዞባታት ቀያሕቲ ዕምባባ ዘዳለዉዎ መዛሙር ከም ዝስኣል ንምግባሩ፡ ዓበይቲ ዳይረክተራትን ሰኣልትን ዝሳተፍዎ ቪድዮ ክሊፕ ናይ ምድላዉ መደብ ወጺኡ። ኣብ ኵሉ ኵርናዕ እዛ ሃገርን ኣብ ወጻኢ ሃገር ንዝነብሩን ዜጋታት ብመገዲ መዛሙር ኣቢልካ፡ ኣብ ምህናጽ መንነት ኣበርክቶ ዝገበረሉ መገዲ ተለልዩ ከም ኣካል እዚ ቅነ ኮይኑ ይሰርሓሉ ኣሎ።

*እዚ ቅነ ክሳዕ ሕጂ ከይዱዎ ዘሎ ከመይ ትግምግሞ፧ ንመጻኢ እንታይ ተመኩሮ ክቕሰመሉ'ዩ፧*

ቀዳማይ ቅነ ውዳበታት ቀያሕቲ ዕንባብ ኤርትራ፡ ሓንቲ ዞባ ኣብ ኵለን ንኡስ ዞባታታ ንዝርከቡ ዝተለለዩ ኣባላት ሒዛ እያ ቀሪባ። ብሉጽ ምድላዋት ኵለን ዞባታት፡ ልዕሊ ትጽቢት ኣዋሃሃዲት ኮሚተ ዝኸይድ ትሕዝቶ እዩ ንውድድር ቀሪቡ። ኣብዚ ክንጽር ዘለዎ፡ እዚ መደብ ኪኖ ውድድር ዝኸይድ ዕላማ ዘሎዎ፡ ዕቑር ጸጋን ብቕዓትን ጉጅለታት ቀያሕቲ ዕምባባ ዝተንጸባረቐሉ መደረኽ እዩ ነይሩ። ፈላሚ ከም ምኻኑ መጠን ኣዝዩ ኣተባባዒ ዝኾነ መደባት እዩ ቀሪቡ። ስለዝኾነ ቀጻልነቱ ዘወሓሰሉ፡ እናዓበየ ዝኸደሉ ባይታ ንምጥጣሕ ዓቢ ተመኩሮ ኮይኑ ኣሎ። ኣብዚ መዳይ ኵሎም ኣለይቲ ናይተን ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ ዘካየዱዎ ሓያል ጻዕሪ ቀሊል ስለ ዘይኮነ

# “ኵሉ ተመሃራይ ዘይረኽቦ ዕድል ኢና ረኺብና።”

*ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ሽባብ፣ ከም ኣካል ናይዚ ቅነ ንኣባላት ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ ዑደት ናብ ታሪኻዊ ቦታታት ከተማ ከረን ብ27 ነሓሰ ተኻይዱ ነይሩ። ካልኣይ ኲናት ዓለም ዝተዛዘመሉ ታሪኻዊ ቦታ ጥንቁልሓስ፡ መቓብራት ኢንግሊዝን ኢጣልያንን፡ ብገዛኢ ስርዓት ኢትዮጲያ ኣብ ልዕሊ ንጹህ ህዝቢ ከቢድ ግፍዒ ኣብ ዝተፈጸመሉ ዖና፡ ከምኡ'ውን ፎርቶ ከተማ ከረን ኣብ ዝበጽሕሉ ብደራሲ ነጸርኣብ ኣዛዚን ሓ/ጩ/ ጸጋታት ቱሪዝምን መጽናዕትን ዞባ ዓንሰባ ፍሰሃ ሃብተን ሰፊሕ መበርሂ ተዋሂቡዎም። ተሳተፍቲ ናይቲ ዑደት ተመሰጦኦም ኣካፊሎሙና ኣለዉ፣ ይስዕብ።*



ታዲዮስ ሳሚኤል፡ ዞባ ዓንሰባ

ኣብዚ ዑደት ይሳተፍ ምህላወይ ሓጐስ ተሰሚዑኒ ኣሎ። ታሪኽካ ምፍላጥ ምሉእ'ዩ ዝገብረካ። ታሪኹ ዘይፈልጥ ባዶ ስለዝኾነ። ካልኣይ ኲናት ዓለም ዝተፈጸመሉ ስፍራ ብኣካል በጺሕና፣ መቓብራት እንግሊዝ ኢጣልያን እውን ርኢናዮ። ናይ ዖና ታሪኽ እውን ከምኡ። ስለዚ፡ ኣብዛ ዑደት ብዙሕ እየ ከሲበ ዘለኹ። ሃማመተኤ ነዚ ዝገበረልና ከኣ ነመስግኖ።



ሲልቫና ጌታቸው፡ ዞባ ማእከል

ሓበን ፈጢሩለይ ኣሎ። ንሕና ኣብ ንኡስ ዕድሜና ነዚ ታሪኽ ብምፍላጥና ናብ ዝቕጽል ወለዶ እውን ከነመሓላልፎ ኢና። ኵሉ እዚ ዝበጻሕኩዎ ንኣይ በኹሪ ዓይነይ እዩ። በኹሪ ዓይንኻ ከኣ ኵሉ ግዜ ጥዑም እዩ። እቲ ዚያዳ ዝመሰጠንን ዘኹርዓንን ናይ ጥንቁልሓስ እዩ። ሓወልቲ ናይቲ ጀነራል እውን ርኢናያ። ንሕና ከም ናእሽቱ ታሪኽና እናፈለጥና ክንዓቢ ኣሎና። ስለዚ፡ ከምዚ ዓይነት ዑደት ብቐጻሊ ክካየድ ኣሎዎ እብል። ኣነ ከኣ ምስ ተመለስኩ ናብቶም መሳቶይ ዝኾኑ ተመሃሮ ከመሓላልፎ ደስ ይብለኒ።



ሮዛ ኣብርሀ፡ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ

ሎሚ ብታሪኽ ጥራይ ንፈልጦ ዝነበርና ቦታታት ኢና በጺሕና፣ ደስ ከኣ ኢሉኒ ኣሎ። ብዘይካ ብዛዕባ ከረንን ቱሪዝማዊ ጸጋታታን፡ ከረን ማእከልን መዋፈሪትን ናይ ቃልሲ ምንባራ እውን ፈሊጠ። ካልእ ግዜ ናብ ካልእ ታሪኻዊ ቦታ ከምዚ ዓይነት ዑደት ክውደበልና ከኣ ንላቦ።



ሳይሞን ተኪኤ፡ ካብ ዞባ ደቡብ

ሕሉፍ ታሪኽይ እፈልጥ ምህላወይ ኣዝዩ ሕጉስ እየ። ንኣና እዚ ዓቢ ዕድል እዩ። መቓብር ኢጣልያንን እንግሊዝን ምስ ረኣኹን ናይ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዝተዛዘመሉ ቦታ ምስ በጻሕኩን ኣብ ሃገርና ዓቢ ታሪኻዊ ፍጻመ ከም ዘጋጠመ ፈሊጠ። ናይ ዖና ዘሕዝን ፍጻመ እውን መበርሂ ተዋሂብና ብዙሕ ከሲበ ኣለኹ። ነቶም ኣብ ናተይ ደረጃ ዕድመ ዘለዉ ከኣ ከምዚ ናተይ ይፍጠረልኩም ጥራይ እየ ዝብሎም።



ሉልያ ሚኪኤለ፡ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ

እዚ ዑደት ዝኾነ ተመሃራይ ክረኽቦ ዘይክእል እዩ። ኣባል ቀያሕቲ ዕምባባ ኴንና ኢና ነዚ ታሪኽ ንሰምዖን ንርእዮን ዘለና። ናይ በሓቂ ዘሐጉስ እዩ። ብዛዕባ ጥንቁልሓስ ዝፈልጦ ኣይነበረንን። ሕጂ ግን ብዙሕ ኣደናቒ ታሪኽ ፈሊጠ። ካልእ ናይ ከረን ጸጋታት እውን ተገሊጹልና እዩ፣ ደስ ዘብል። ማሕበር ከምዚ ዝበለ ዑደት ምውዳቡ ከኣ ክምስገን ይግብኦ። ምኽንያቱ፡ ንሕና ነዚ ዝሓለፈ ታሪኽ ናይ መጻኢ ዋናታቱ ኢና። ኵሉ ተመሃራይ ኣብ ማሕበር ተወዲቡ ነዚ ዕድል ክረኽቦ እላቦ።



